ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ ኣክሱም ኣብ በጀት ዓመት 2011ዓ/ም ንአገልግሎት ዝውዕሉ ዝ/ዩ ኣቑሑት ኤሌክትሮኒክስ፣ ክገዝእን ዝ/ዩ ዘገልገሉ ኣቅሑት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥን ይደሊ። ስለዚ ካብ 06/09/2011ዓ/ም ክሳብ 21/09/2011ዓ/ም ሰዓት 6፡00 ኣብቲ ኮሌጅ ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋ/ምም/ንብረትን ንነብሲ ወከፍ ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ ከፊልኩም ብምውሳድ መወዳደሪ ዋጋ መሊእኩም ነብሲ ወከፍ ሰነድ ብበይኑ ዝተዓሸገ ፖስታ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ክተእትው ኣለኩም። ነዞም ዝስዕቡ ረቋሕታት እተማልኡ ነጋዶ ንክትወዳደሩ ንዕድም።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ጉንበት 7, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጉንበት 21, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ: በቢምድቡ ዝተፈላለየ
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጉንበት 21, 2011 8:45 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኤሌክትሮኒክስ መሳርሕታትን መለዋወጢን/ ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

ኣብ ኣቅሑ ኤሌክትሮኒክስ እትወዳደሩ

1 ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ ዘለኩምን ብክልቲኡ ገፅ ሓደ ቅዳሕ ክተቅርቡ ትክእሉ፤ መለለይ ቁፅሪ ከፋላይ ግብሪ ዘለኩምን ሓደ ቅዳሕ እተቅርቡን ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብኩምን ናይ ወርሒ መጋቢት ሒሳብ ዘቅረብኩምሉ መረዳእታ ቅዳሕ ክተቅርቡ ትክእሉ፤ ዝተሓደሰ መቅረባይነት ዘለኩምን ሓደ ቅዳሕ እተቅርቡን ኩሉ እተቅርብዎ መረዳእታ ብግልፂ ዝንበብ ክከውን ኣለዎ፤

2 ተጫረቲ ኣብ ናይ ጨረታ ሰነድኩም ሽምን ፊርማን በዓል ዋና እንተዘይሃልይዎ ተቀባልነት ኣይህልዎን፤

3 ኣብ ዝ/ዩ ዘገልገሉ ኣቅሑ እትወዳደሩ ኣብ ናይ ጨረታ ሰነድኩም ናይ በዓል ዋና ሽምን ፊርማን እንተዘይሃልይዎ ተቀባልነት ኣይህልዎን፤

4 ናይ ጨረታ መኽበሪ ቢድ ቦንድ (5000.00) ቅርሺ ንኣቑሑት ኤሌክትሮኒክስ፣ ንዝ/ዩ ዘገልገሉ ኣቅሑት ድማ 3000.00 ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ቅድሚ ጨረታ ምክፋቱ ከቅርብ ዝኽእል፤

5 ሰነድ ጨረታ ክሳብ 21/09/2011ዓ/ም ሰዓት 8:30 ተዓፅዩ ሰዓት 8፡45 ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ ኣክሱም ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋ/ምም/ንብረትን ዝተረኽብሉ ይኽፈት።

6 ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላት ብዘይምርካቦም እቲ ጨረታ ካብ ምክፋት ኣይተኣገልን፤ ከይተከፈተ ዝምለስ ሰነድ ጨረታ ውን ኣይህሉን።

7 ኮሌጅና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ እቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስ.ቁ 0347-753705 ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle